# ውግእ ኣዳል - 26 መስከረም 1961



**<u>መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ</u>**

25 መስከረም 1961 ሓምድን ብጾቱን ኣብ ሞጎራይብ ኣታሃይ ከለዉ፡ ብካፒታኖ ያሲን በሺር እትምራሕኣሃዱ ስትራይኪንግ ፎርስ (ፊልድ-ፎርስ) ስለዝመጸቶም ገባር ዝሓረድሎም ኣጣል ከይበልዑ ሃዲሞም ኣማስያኦም ናብታ ኣብ እግሪ ጎቦ ኣዳል እትርከብ ናታየ እትበሃል ዓዲ ኣተዉ። ንግሆ 26 መስከረም ናብ ኩርባ ኮርቶ እኳ እንተደየቡ ካብ ዓዲ
ከስብ ዝተበገሰ ሓይሊ ጸላኢ ከባቢ ሰዓት 9:00 ናብኦም ክመጹ ዋርድያ ዝነበረ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ርእዩ ንሓምድ ሓበሮ። ተቐዳዲሞም ናብቲ ክዕቀቡሉን ክምክትሉን ዝኽእሉ ምብራቓዊ ወገን ጎቦ ኣዳል እናደየቡ ከኣ ምስቶም ወተሃደራት ፊት ንፊት ተራኣኣዩ። ሓምድ ካብቶም ዝረኣዮም ዝበዝሑ ብድሕሪኦም ክህልው ከምዝኽእሉ ብምሕሳብ ስለዝሰግአ ንከራር ኣደምን ሽንግራይ ዓማርን ምዕራባዊ ወገን ጎቦ ኣዳል ክዓጽዉ ኣዘዞም። ካብ ትሊት ዝተበገሱ ፊልድ - ፎርስ በታ ሓምድ ዝጠርጠራ ቦታ ክቐልቀሉን በዓል ከራር ክበጽሑን ድማ ሓንደ ኮነ። በዓል ከራር
ሓንቲ ጥይት ጥራሕ ትለጉም ብረት እኳ እንተነበሮም ቀዲሞም ስለ ዝረኣዩዎም፡ ሽንግራይ ዝተኮሳ ጥይት ንሓደ ካብቶም ወተሃደራት ኣውደቐት። ከራር'ውን ቶኲሱ። ካብ ጸላኢ ድማ ግብረ መልሲ መጸም። ብኹሉ ወገናት ተኹሲ በርቲዑ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተሓብኡ ዓቐብ ክድይቡ ከለዉ ኣጋጣሚ ንሓምድ ረኺብዎ። "ብርግጽ ሓደ ኣውዲቕና ኣሎና" በሉዎ። ንሱ ድማ ነቲ

ዝሃብዎ ሓበሬታን ነቲ ባዕሉ ክከታተሎ ዝጸንሐ  ኩነታትን ኣገናዚቡ “ኣጆኹም ዓወት ናትና’ዩ’ ኢሉ ዳግማይ፡ ኣብ ስግሮም ናብ ዝነበረ ኻልእ ቦታ ከይዶም ክሳድ ኽዓጽዉ ኣዘዞም። ዕላማኡ፡ ከይተሃሰኻ ከለኻ እናተኸላኸልካ ካብቲ ቦታ ምልጋስ ነበረ። ሽንግራይ ንከራር ቀዲሙ፡ ክልቲኦም እናተመራርሑ ኅየዩ። እግሪ እግሮም ጥይት ደሮን እናበሎም ናብ’ታ ዝተባህልዋ ክሳድ ሰገሩ። ሓምድ ድማ፡ ነቶም መብዛሕትኦም ሴፍ ዝዓጠቑ ጃለ ሒዙ ስዓቦም። የማነ-የማን እናተንቀሳቐሱ፡ ምስ ጸላኢ ክታኽሱ ዝጸንሑ ዓብዱ መሓመድ ፋይድን ሓጅን ተጸንበርዎም። ኣሕመድ ጋድፍ ነቲ ተሓንጊጥዎ ዝነበረ ማይ ዝመልአ ሓርቢ ኣቐበሎም። ዝጸምአ ሰትዩ ምስ ረወየ፡ ስኸም ንምቅላል ነቲ ዝተረፈ ማይ ኣጉዲሎም ብሃታሃታ ተበገሱ። ምስ ዕጨ እምኒ እናተመሳሰሉ ናብ ወገን ምዕራብ ገጾም ከዱ። ሓደ ዓቢ መገዲ በቲኾም ክሓልፉ ከለዉ ስለ ዝተራእዩ ግን፡ ጠያይት ተነዝሖም። ይኹን’ምበር ሓደ ከይተወቕየም ናብ ከውሊ ኣትዮም ብደሓን ሰገሩ። ዓዋተ መሓምድ ፋይድ ዝርከቦም ካልኦት ጉጅለ ነብሶም ንምድሓን እናተዋግኡ ናብ ወገን ሰሜን ኅቦ ኣዳል ኣምርሑ። እዚኣቶም’ውን ከይተፈለጠም ናብ ጸላኢ ስለዝኣተዉ ተኹሲ ኣመና ጻዕጽዖም። ንያቶም ስለ ዘየዕረቡ’ምበር፡ ብኢዶም ንኽሕዝዎም “ኢድካ ሃብ፡ ሓምድ ትሕሸካ ደው በል” እናበሉዎም’ዮም ንዋራ ድሒኖም።

ዝያዳ ምትእኽኻብ ንዝያዳ ምኽርዳን ቅሉዕ ምኺኑ ዝተረድአ ሓምድ፡ ኣብ ሓደ ኩርባ ወጺኡ ከባቢኡ እናተመልከተ ክሓስብ ጸኒሑ ዝሓሸን ዐውትን’ዩ ዝበሎ ስጉምቲ ወሰደ። ንመብዛሕትኦም ካብቶም ምሳኡ ዝነበሩ፡ ሩባ መረዊት ንጸጋም እናሓደጉ ሰልፊ ሰልፊ ሓደ እምባ ደይቦም ብኡ ኣቢሎም ንኽሃትፉ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። እንተኾነ እቲ ብወገን ኣንኮርቶ ዝነበረ ሓደ ጉጅለ ፖሊስ’ውን ኣብቲ ውግእ ስለዝኣተወ ናብ የማንን ጸጋምን ኣብ ክልተ ተገሚዖም ኅፅዞም ቀጸሉ። እዚ ኹሉ ክኸውን፡ ሓጻር ኣቡ ሲታን ሴፍን ዓጢቑ ዝነበረ ዑስማን በረግ ኣብ’ታ መዓልቲ’ቲኣ ሓሚሙ ስለዝነበረ ንነብሱ እናተኸላኸለ ከምልጥ ዓቕሚ ሰኣነ። ንበይኑ ካብቲ ዝነበሮ ቦታ ከይውጸ ኣብ ሓደ ዕሙር ሳዕረ-ማዕሪ ክኣቱ ኸሎ ስለዝተራእየ ከምልጥ ኣይከኣለን። በቶም ብማዕዶ ዝረኣይዎን፡ በቶም ከም እንደገና ተወዳዲቦም ንሓምድ ንምስዓብ ኅቦ ኮንታሪ ዝድይቡ ዝነበሩ ፖሊስን ተኸርዲኑ፡ መጀመርታ ብጸላኢ ዝተማረኸ ተጋዳላይ ኮነ። እቶም መብዛሕትኦም ጃለ ዝነበሩ፡ ኅቦ ደይቦም ቁልቁል ምስ ተነቑቱ ነብሶም ከውጽኡ ንቅድሚት መረሹ። ውግእ ኣዳል ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ቀዳመይቲ ግጥም ኣንጻር መግዛእቲ እያ። ሓምድን ብጾቱን ኣንጻር ብቑጽርን ኣጽዋርን ጸብለል ዝብልዎም ሓይሊ ፖሊስ ንመጀመርታ ግዜ ንሰዓታት ተታኹሶም። ድሕሪ’ዛ ታሪኻዊት ግጥም’ዚኣ ሓምድ ከምዚ ዝስዕብ ቃል ትንቢትን ፈኸራን ተዛረበ፦ “ሎሚ ኣዛኒት (ኣልቢኒ ብረቱ) ኣድሚጻ፡ ንፈለማ ጌዜ ንሕናን ገዛእትናን ገጽ ንገጽ ተዋጊእና። ድሕሪ ደጊም ኣብ ዓራት ምድቃስ የለን።” ከም ቃል ሓምድ

ኣብ ኣዳል ዝተተኰሰት ጥይት መቓልሓ ካብ ጻት ንጻት ኤርትራ ተጋዊሑ ንኹሉ ኤርትራዊ መግዛእቲ ከይጸረገ ኣብ ዓራት ከይድቅስ ኮርኲሓ፡ ሓደ ድሕሪ ኻልእ ናብቲ ሓምድ ዘሳወሮ ሓዊ ጸንቢራ።

ውግእ ኦማል - 24 ጥቅምቲ 1961
ድሕሪ ታሪኻዊት ውግእ ኣዳል ዝሰዓበት ካልኣይቲ ግጥም ተጋደልትን ሓይሊ ፖሊስን ኣብ እግሪ ጎቦ ኦማል ዝተኻየደት ግጥም'ያ። ኣብ ውግእ ኣዳል ዝተሳተፉ መብዛሕትኦም ፋሕ- ፋሕ ስለ ዝበሉ ቁጽሪ ተጋደልቲ ጎዲሉ ነበረ። ሰውራ ክልተ ወርሒ ከይደፈነ ብዝሒ ተጋደልቲ'ውን ካብ ክልተ ዓሰርተ ከይዛየደ ናይ ዝተኻየደ ግጥም ኦማል፡ እታ ሽዑ ልሳን መንግስቲ ዝነበረት ጋዜጣ 'ዘመን' ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጻቶ። “ካብ ኣውራ መደበር ፖሊስ እተረኽበ ወረ ከም ዝብል ካብ ወረዳ ባረንቱ ዝተላእኩ ወተሃደራት ፖሊስ ትማሊ ሰሉስ ሰዓት 9፡20 ድ.ቀ ምስ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ገጢሞም ኣብ ጥቓ ኬሩ ንዓብዱ መሓመድ ፋይድ ዝተባህለ ወሮበላ ኣቑሲሎም ማሪኾምዎ።



ከምኡውን ሓንቲ ግንጽል ናይ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ሓንቲ ነዋሕ ምንሽር ናይቲ ዝቖሰለን ጸረ-ሕግን ምስ 43 ጠያይት ረኺቦም ኣለዉ። እቲ ዝቖሰለ ንኬሩ ኪመጽእ ከሎ ኣብ መንገዲ ዓሪፉ ኣሎ። ፖሊስ ድማ ነቶም ብምህዳም ዘምለጡ ካልኦት ወሮበላታት ብዘይ ምስልካይ እግሪ እግሮም ይከታተልዎም ኣለዉ።” ጋዜጣ ዘመን ብዘይካቲ ናይ ሓምድ ነዋሕ ምንሽር ማሪኽና ትብል ቃል ካልእ ኩሉ ቅኑዕ ሓበሬታ'ያ ኣስፊራ። 'ማሪኽና' ዝበሉዋ ናይ ሓምድ ግንጽል ግን፡ ነቲ ሓምድ ኣብ ርእሶም ፈጢርዎ ዝነበረ ፍርሕን ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺን ንምፍኳስ ተባሂላ ዝተጻሕፈት እምበር ሓቅነት ኣይነበራን። እዛ ፍጻመ'ዚኣ ኣብ መጽሓፍ ታሪኽ ህይወት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብዝያዳ ንጹርነት

ቀሪባ ኣላ። “ኣብ ኣቡ-ሓሸላ፡ ዑስማን ሓጃጅ ዝበሃል ሃብታም በዓል ድኳን በዓል ሓምድ ደኺሞም ምስ መጽእዎ ጽቡቕ ገይሩ ተቐቢሉ እኽለ- ማይ ቀሪቡ ከም ዝዛነዩ ገበረ። ‘ሎሚ ኣበይ ከም ዘለኹም እትፈልጥ መንግስቲ የላን። ብዋላ ሓደ ወረኹም ስለዘይተሰምዐ ውራይ ዕረፍትኹም ጥራይ ግበሩ፡ ዋርድያ ባዕለይ ኣለኹልኩም’ ኢልዎም ከደ…ሓጃጅ ንስለ ድሕነት ተቓለስትን ንስለታ ውልዶ ሰውራን ዝሓለየመሲሉ። እንተኾነ ናብ ዋርድያ ኣይኮነን ከይዱ። ጠሊምዎምዩ። ብጻውዒት ዑስማን ሓጃጅ ዝመጹ ወተሃደራት፡ ኣብ ኣቡ-ሓሸላ ምስ ሰኣንዎም ከም እንደገና ናብታ ኣማስያኦም ዝኣተውዋ ንእሽቶ ዓዲ ብዳውየት፡ ተጻይ ኣምሪሖለኣኾም። ተገሪሆም ካብ ምጥርጣር ዓዲ ውዒሎም ዘይፈልጡ በዓል ሓምድ ሽዓ ዳህሊሎም፡ ኣብ መጻወድያ ኣተዉ።



ፖሊስ ክኽርድንዎም ከለዉ ሓደ ካብኣቶም ዝረገጻ ዕንጨይቲ ጥዋዕ በለት። ምስኣ’ውን ጣሕሸም ተሰምዐ።…. እድሪስ ማሕሙድ ይኽርደኑ ከም ዝነበሩ ተረዲእዎ “ሓምድ! ሓምድ! መሬት ሰብ ገይራ” ኢሉ ነቕነቑ ኣተንስኦ። እቶም ካልኦት’ውን ከምኡ ብድድ ብድድ ምስ በሉ ሩባ ሩባ ሓሊፎም ድፋዕ ንኽሕዙ ተጓየዩ። ፖሊስ ድምጺ ሰሚዕም ተኹሲ ከፈቱ። ዓይኒ
የብለይ ስኒ የብለይ ብጸልማት ጠያይቶም ጠራዕራዕ ኣበልዎ። ንኾንቱ’ውን ኣይነበረን። ዓብዱ መሓመድ ፋይድ ክልተ ጎሎኡ ተወጊኡ ወደቐ።” ኣብቲ ድቕድቕ ጸልማት፡ ንሓደ ካብኣቶም መውጋእቲ ከምዘጋጠሞ ዘስተብሃለ ኣይነበረን። ጸኒሖም ግን ዓብዱ ተወጊኡ ካብኣቶም ከምዝተረረፈ ፈለጡ። ኣብቲ ግዜ’ቲ ኣደ ዓብዱ - ኣሞኡ ንሓምድ ዓዋተ - ደቃ (ዓብዱን ዓዋተ፡ መሓመድ ፋይድ) ብምግዳሎም ምኽንያት ተኣሲራ ነይራ እያ። ዓብዱ ኣብ ኦማል ብመንገዲ ፎርቶ ሳዋ ንኬላ መእተዊ ናይ ሳዋ ቅድሚ ምብጻሕካ ትርከብ ሂትረብ ትብሃል ንእሽቶ ስንጭሮ ተወጊኡ ወተሃደራት ንኬሩ እናወስድዎ ኣብ ሕመረት ኮልቦይ ተሰዊኡ። ነቶም ዓሰርተታት ኣሽሓት ምእንቲ ሓርነት ኤርትራ ክብርቲ ህይወቶም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ቀዲሙ ህይወቱ ብምኽፋል ከኣ ቀዳማይ ስዉእ ሰውራ ኤርትራ ተባሂሉ ብኽብሪ ክዝከር ይነብር ኣሎ። ሕነ ሓምድ ናብ

ስድራቤቱ ሓምድ ንቃልሲ ወጺኡ፡ ምስ ፖሊስ ግጥማት ከካይድ ኣብ ዝጀመረሉ፡ ሜጀር ዓብደልቃድር መሓመድ ዓሊ፡ ቤተሰብ ሓምድ ክእስሩ ንብረቱ ክውረስ ብሰለሰተ መኣዝናት ናብ ኣካቴን ዲየብንን ብርኪትን ሰራዊት ኣውፈረ። ፖሊስ ብጸልማት ንዓዲ ብምኽርዳን ኣዝማድ ሓምድ ዝኾኑ ሰብኡትን ኣንስቲን ንመብዛሕትኦም ምስ ጥሪቶም ኮብኩቦም ጎልጆ ኣብጽሕዎም። ንጽባሒቱ ናብ ገርሰት ወሲዶም፡ ክልተ ኣንስቲ ሓምድ ዝርከብኦም ትሽዓተ ሰባት ኣብ ሓጹር-እሾኽ ሓዙዎም። 60 ጠለ - በጊዕ፡ 40 ከብትን 8 ገመልን ናይ ሓምድ፡ ናይ ሓዉ ዓብደላ ድማ 9 ከብቲ፡ ናይ ሓሰን 40 ከብትን 2 ገመልን ምስ ዋናታተን ተኣስራ። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ምስ ጥሪቶም ተሰነይ ኣተዉ። ኣብ ተሰነይ ዝነበረ ናዝር ለበት ሸኽ ከበሮ፡ ካብ ኩሎም እሱራት እታ ብጽሕቲ ወርሒ በዓልቲ-ቤት ሓምድ ዓሻ ዑስማን ኣሰከፈቶ።

“ብገንዘብ ይኹን ብህይወተይ ክወሓስ፡ ካብ ኢደይ እንድሕር ኣምሊጣ ኣብ ክንድኣ ኣነ ባዕለይ ተጠያቒ ክኸውን” ኢሉ ለሚኑ ከፍትሓ ከሎ ነተን ጥሪት ድማ ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ጋሽ ወፈረን ምእንቲ ክኣትዋ ጓሳ ገበረለን። ድሕሪ ክልተ ሰሙን፡ ንኣቑርደት ተወስዱ። ዓሻ ግን ምስ ሸኽ ከበሮ ከላ ንእንኮ ወዲ ሓምድ፡ ከራር ሓምድ እድሪስ ተገላገለት። ኣብ ኣቑርደት ብዘይ ፍርዲ ነዊሕ ጸንሑ። ድሓር ነተን ኣንስቲ ናብ ኣስመራ ኣሕለፍወን። ንሓምድ ቤተሰቡ ኣሲርካ፡ ንብረቱን ጥሪቱን ሃጊርካ ተጣዊሱ ናብ ልቡ ክምለስዝተገብረ ፈተነ ውጽኢት ኣይተረኸቦን። “ንስድራኻ ብናጻ ክንለቆም፡ ንዓኻ'ውን ምሕረት ክንገብረልካ ኢድካ ሃብ” ዝብል መልእኽቲ ዝተሰደደሉ ሓምድ “ነቶም ሒዝኩሞም ዘለኹም ሰባት ቆራሪጽኩም ኣብ ፎርኖ'ውን ክትጠብስዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኣነ ከኣ ዝገብሮ ኣለኒ” ኢሉ ይምልሰሎም ነበረ። ሓምድ ብዘይካ'ዚ፡ “ቀደም ኣብ ኤርትራ ሰልፍታት ነይረን። ኣነ ኣብ ኩለን ኣይነበርኩን። ሎሚ ግን ንሓድነትን ናጽነትን ኤርትርያ ተንሲአ ኣለኹ። ደጊም ብዘይ ኣፈላላይ፡ ዝኾነ ሃገራዊ ወዲ ኤርትራ ሓወይ'ዩ። ከም ኣርማ ቃልሰይ ንባንዴራ ኤርትራ ኣልዒለ ኣለኹ። ንስኻትኩም ሓምድ እንታዋይን በዓል ምንታይን ኮይኑ'ዩ ትብሉ ትኾኑ። ኣነ ግን ብንጣር ቁልዒ ከምዝባራዕ ሳዕሪ፡ ነዛ መሬት ቃልቃል ኣቢለ ከም ኣፍ ዑንቂ እንተ ዘየጽቢበልኩም ንሓምድ ሰበይቲ ኣይወለደቶን” ይብል ምንባሩ ይዝንቶ። እቲ ኣብ ልዕሊ ስድራ ሓምድ ዝጀመረ ናይ ማእሰርትን ምህጋርን መስርሕ፡ ጸኒሑ ናብ ኩሎም ስድራቤታት ቀዳሞት ተጋደልቲ ልሒሙ እዩ።እቲ ዕላማ ተዳሂሎም ኢዶም እንተሃቡ፡ ኣብ ዓዲ ዝተረፉ ኸኣ ፈሪሖም ኣሰር ቀዳሞት ንኸይስዕቡ እዩ። ግን ፋይዳ ተሳእኖ።